*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

A

short biographe

Of

# Bashay Abraha Medhin

*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea

2012

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ባሻይ ኣብራሃ መድህን

ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ
ማሰን መልቀስን ቀዳሞት
2012

ኣስመራ ፣ ኤርትራ 2012

## ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 293 |
| ወይናይ | 293 |
| ኣባ ፈንጥስ | 294 |
| ባሻይ ሉባ | 295 |
| መምህር ገብረጻድቕ | 295 |
| ዓርሶ ሞርሶ | 296 |
| ኣይተእትዉ ዓልቂ ፧ ጻዕዳ ብዕራይ | 297 |
| ከም ስሕለት ፧ በዓል ዕሻሽ ግመ ፧ ህደሙ ፧ | 298-299 |

# ባሻይ ኣብርሃ መድህን

ዘኾሎ ዝዓዶም ባሻይ ኣብርሃ መድህን፡ ሓደ ኻብ'ቶም ኣብ ሽመጃና ዝፈረዩ ፍሉጣት ማሰኞታት'ዮም። ዝተወልዱሉ ዓመት'ኳ ፍሉጥ እንተ ዘይኮነ፡ ብ1954 ከም ዝሞቱ ወዲ ወዶም ኣቶ ፍትዊ ተኸለ ይገልጽ።

ባሻይ ኣብርሃ መድህን ኣብ ርእሲ ናይ ማሰን መልቀስን ክእለቶም ክብ ዝበለ ናይ ወለዶን ታሪኽን ፍልጠት ዝነበሮም፡ ኣውራ ኸኣ ንድኻን ንውጹዕን ክልቅሱ ዝደልዩ ደንጋጽ ሰብ ከም ዝነበሩ ይዕለለሎም። ናብ ማሕረስ ወፊሮም ከለዉ ሰብ ሞይቱ እንተ ሰሚዖም'ውን ኣብዑሮም ፈቲሖም ክልቅሱ ይኸዱ ኔሮም ይብሃል። ኣብ ቆላን ኣብ ዝባውንትን ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣክለጉዛይ ዘልቅሱን ተዓዲሞም ውራያት ዘጸብቁን ክኢላ እንዳ'ቦ ስለ ዝነበሩ ኸኣ ምስ ሞቱ ውዕለቶም ክመልስ ብዘይ መጠን ብዙሕ ህዝቢ ከም ዝቐበሮም ይዝንቶ።

❁

ምስግና ተስፋ ዝብሃሉ ምስሌንነት ሎን ሳርዳ ካብ'ቶም ወድ ሓውቦኦም ዝብጽሑዎም ባሕረጋስ ደበና ሃይሉ ኸወስዱ ብምድላዮም ምስ እንዳ ባሕረጋስ ሃይሉ ኣብ ብርቱዕ ጽልኢ ዝወደቑ በዓል ሳርዳ ምስ ሞቱ፡ እቶም ቅድም ማሰ ኢሎምሎምስ ካብ መዋቲ ኣርሓ ተቐቢሎም ዝነበሩ ኣብርሃ መድህን ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

**ወይናይ**

ሰንብታዶ ኾይኑ ኬድካ ወይናይ
መንንድ ኣርሓ ዘይበሉኻ ጕናይ
ጽቡቕ መልክዕ ዘይበሉኻ ግናይ
ነዊሕ ክሳድ'ወ ከም ኩኩናይ
በዓል ቅኔ ኔርካ ከም ዛቑናይ
በዓል ሓራስ ኔርካ ኣደ ሰናይ
በዓል ሽደን ኔርካ ኣቦ ሰናይ
ኣታ ወዲ ትርኳይ ወዲ ዘርእሰናይ
ወዲ ባሕረጋስ ካሕሱ ወዲ ሓሊደናይ

መውስቦኻ ትግራይ ግርሁ ስርናይ
ክርዳድ ዘይብልካ ጽሩይ ስርናይ
ቀታል ዝሸፈቱ እንታ ሃዳናይ
እንዕበዮ ብኣኻዶ ኣይኮናይ
ሽደን ሂብካኒ 'ቱ የማናይ
ንኻልእ እንድዕዊ ንኣይ ዋናይ! ንኣይ ዋናይ!።

❁

ቆሞና ወዲ ሓትኖኦም፣ ምስሌነ ዘርኢ ሞሲ ዝነበሩ ኣዝማች ንጉሰ ተስፋሓንስ (ኣሰጣሕ - ዘርኢ ሞሲ) ብጥሪ 1951 ምስ ዓረፉ ኣብርሃ መድህን ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

### ኣባ ፈንጥስ

ኣርሓ ኸደ ሰቢሩ ቐራቕሮ
እንታይ የብክየኒ በስቄርቀሮ
እንታይ የንብዓኒ በስቄርቀሮ
ሎሚ'ኳ ይሃጥሩ እንካብ ድሮ
ሰባር ክሳድ ተባዕታይ መንሽሮ።

ምስ ቀለተን ምስግናን ዝመኸሩ
ሓዊ ቜጥቋጥ ዝመስል ዝናሩ
ሎ'ኳ መውስቦኦም ምስ ቴድረሩ
ኣባ ፈንጥስ ኢሎም ምስ ፈከሩ
ብብኸያትዶ ዓይንኹም ዓዊሩ
እዝግና ይቀበልኩም ኣብ መንበሩ።

❁

ወደከለን ሸመጃናን፡ ኢደት ብእትብሃል መሬት ተባኢሶም ክነብሩ ክነብሩ፣ ሸመጃና፡ "ሰብ እንተ ሞይቱና ኣውያት ከይንሰደሎም፡ ኣውያት እንተ ሰደዱልና ኸዓ ከይንቐብሮም፣" ኢሎም ኤሮም ክነሶም፡ ኣብርሃ መድህን፡ ባሻይ ረዳ ዝብሃሉ ብብልሖም ውሩይ ዝነበሩ መስሓል ዝዓዶም ወዳኢ ነገር ወደከለ ኣጋጣሚ ኣብቲ ነገር ኢደት ከም ብሓድሽ ዝረሰነሉ እዋን ምስ ሞቱ፡ መርድእ መጺኡዎም፡ ባሻይ ረዳ ሞይቶም ዓዲ ኸውዕሉ

ነብሶም ምግባር ስለ ዝኣበዮም ስምምዕ እንዳ'ቦኦም ኣፍሪሶም ቀብሪ ብምኻድ ነቲ ንወደከለን ሽመጃናን ንዓይ ንዓይ ዘበሃህሎም ዝነበረ ናይ መሬት ክርክር'ውን ለኪሞም ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሱሎም።

### ባሻይ ሉባ

ነቚልኩም'ምበኣር ባሻይ ሉባ
ጠበንጃ'ኹም ባሩድ ዝኾልባባ
ኣርዑት ሓጺን ምሳር ዘይትጸርባ
ወትሩ ለምለም ከም ሻኻ ማዕረባ
ፈዳይ ሕነ ከም በኹሩ ኣፈልባ
መሪር ኣፉ ከም በርበረ ሽርባ
ተዋግኣይ ከም እሾኹ ተኾርባ
ኣየ ብልሒ ከም ሽቶል ዓንሰባ
ሓጺር ዝዕጣቑ ልዕሊ ሳርባ[1]፣
ወያ ግብሪ - ኣምላኽ ዝእክባ
መዓልታ ኣእኪላዶ ነብስ'ኹም ደይባ፣
ነገር ኢደት ከዓ'ምበር መሊሳ ጨብጨባ
ክርክር ነዊሑ ናተይ ናተይ'ባ
ሰላም የውርደልካ በሉዎ ንንዳ'ባ ።

✿

መምህር ገብረጻድቕ ዝበሃሉ ናይ ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ (ሃም) ኣበ ምኔት ዝነበሩ ፍሉጥ ፈላሲ ዕድመ ጸጊቦም ምስ ሞቱ፣ ኣብርሃ መድህን ከምዚ ኺብሉ ኣልቀሱሎም።

### መምህር ገብረጻድቕ

ኣቦይን ጕይታይን ወለላ መልሓሶም
ነዚኦም እንታይ ክልቀሶም
ሓሳው ተዋህዶ ደበሎ[2] ለቢሶም

---

[1] ሳርባ = ዳንጋ (ብቛንቋ ሳሆ)። ባሻይ ኣብርሃ መድህን ሳሆ ይኽእሉ ስለ ዝነበሩ ንግጥሚ ክጥዕመሎም ኢሎም ዝተጠቐሙላ ቃል ትመስል።

[2] ደበሎ = ተመሃሮ ቤተ ክህነት ወይ ፈለስቲ፣ ቆርበት ጤል ወይ በጊዕ ኣልፊየም ኣብ ልዕሊ ኽዳኖም ዝገብሩዎ መደረብታ።

ቀደምዶ ኣይመነኑን ብንኡሶም
ናይ እዝግና ኣምሳልእም ንሶም።
እዝግና
ንሄዋንን ኣዳምን እንክህቡዎም ፈውሶም
ዓሰርተ ሰለስተ ሕብስቲ ቈራሪሶም
ዓሰርተ ኽልተ ኻልእ፡ መወዳእታ ንሶም
ኣቕመሱዎም ንባዕሎም ቀሚሶም
ከንሻ እንተ መጹ ተባኢሶም
የእምኑዎም ካብ መጽሓፍ ጠቒሶም
ሃራጥቃ እንተ መጹ ተባኢሶም
የእምኑዎም ካብ መጽሓፍ ጠቒሶም
ኪለው ፈላጥ'ሞ መን ከም ንሶም።
ማእከል ገነት ክኣትዉ ጥሒሶም
ሰይጣውንቲ ሎሚ ተተኪኦሶም
መላእኽቲ'ሞ ብዙሕ ተሓጕሶም
በዥረ ጻድቕ ኣለዎም ዋሕሶም
ሚእቲ ዓመት እንድሕሪ ጠሪሾም
ጽቡቕ ከይዶም ኣብኣኣ ትሕሾም።

❁

ተመልሰ ጕላይ ዝብሃሉ ብዙሓት ኣሓ ዝነበርኦም በዓል ሳርዳ፡ ጕልሓይ መጺኡ ንወየን ባዕሎም ዝንስዩወን ዝነበሩ ክብቶም ኰስትር ምስ ኣበለን ሓደ ኣርሓ ሒዞም ጥራይ ተረፉ። ጸኒሑ ኸእ እቲ ኣርሓ'ውን ሞተ'ሞ ክጠብሑዎ ኸለዉ ኢዶም ሓረዱ። ነብሶም ረኺሱ ኣብ ሰሙኖም ደድሕሪ ጥሪቶም ምስ ሰዓቡ ድማ፡ ኣብርሃ መድህን፡ ከምዚ ዝስዕብ ወየ በሉሎም።

ዓርሶ መርሶ

ሞት ይሓይሽዶ ኢልኩም ባሻይ ተመልሰ
ክልተ ኢድ ብሪ ወርቂ ሲሶ
ንሃብታም ዓድኹምሲ ድኻና ይሕሾ
ሓደ ብዕራይ ጌሩ የካውሶ
እንተ ጠመዮ ሓሰር የኹልሶ

እንተ ቑረሮ ናብ ህድሞ ይመልሶ
ብወቅዒዶ ሞይትኩም ወይስ ዓሶ
ተማሊእናኹምዶ በዓል ዓርሶ መርሶ።

ኣብ መጠራ ገለ ዘይምቅዳው ኣብ ዝተራእየሉ ሓደ እዋን፡ ኣብርሃ መድህን፡ ቀብሪ መጺኦም ነቶም ብትውልዶም ወገራ ምኻኖም ዝንገረሎም መጠራ ከምዚ ኽብሉ ኣብ መልቀሶም ኣእተዉዎም።

**ኣይተእትዉ ዓልቂ**

ከመዓልኩም ወገራ ወገራ
ባይቶኹም ዕቡይ ዘይዘራ
ጕይቶት ሓንፈጽ ጕይቶት ስርናይ ጓራ
ወገራየ! ወገራየ!
ዓዲ ሓጕስ ዛብጥያ በዓል ነዊሕ ሓለንጊ
ዓዲ ሓጕስ መሓሪ በዓል ጽቡቕ ዘንጊ
ዓዲ ኣይተ ዘጋል በዓል ቅጭን ፈርጊ
ዓዲ ብላታ ተኪኦ ፈታው ሓቂ
ከም ቀደምኩም ኩኑ ኣይተእትዉ ዓልቂ።

በዓል ኢድ ማለት ኣንጠረኛ፡ ምስኡ ኽኣ ንቆዕ ሓረስታይ ዝነበሩ መስሓል (ወደከለ) ዝዓዶም ብጅሮንዲ[1] ሃብተ ገብረማርያም ብጊዜ ጣልያን ብ1935 ዓሎም ከመርዕዉ ኽለዉ፡ ባሻይ ኣብርሃ መድህን፡ ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉሎም።

**ጻዕዳ ብዕራይ**

ከመይ ኢልኩም ውዒልኩም ጥዑም ብቐደሙ
እዚ ጽራይኩም እምብዛ ጥዒሙ
እዚ ጣይታኹም እምብዛ ለምሊሙ
እቲ ምንታይ ማሕረሱ ደኺሙ
ኣዳም ክትጸግእ ንስኹም ትኣይሙ፡

[1] ብጅሮንዲ = ንኣንጠረኛታት ወይ ንተሓዝቲ ገንዘብ ዝውሃብ ዝነበረ ናይ ክብሪ መጸውዒ ወይ መዓርግ።

ማሕለፍያ ጕራደ ትስልሙ
ማሕለፍያ ሽቶል ትስልሙ
ነምሓራ ወዲኡ·ዎም ቈቈርሚሙ፣
ጻዕዳ ብዕራይ ንጓልኩም ኣግዚሙ
ወረኹም ክነብር ብጥዑሙ።

በቲ ማሰ ዝተሓጐሱ ብጅሮንዲ ሃብተ፡ "ቅርሺ ማርያ ተሬዛዶ ሽቶል ክሽልመካ፣" ምስ በሉዎም፡ ማሰኛ ኣብርሃ መድህን፡ "ማርያ ተሬዛ እንዳ ኾማሪት ሜስ ሰቲኻያ ትሽየንኣ፡ ባዕልኹም ዝሰራሕኩማ ሽቶል ደኣ ሽልሙኒ ዓጢቐያ ክኸይድ፡" ኢሎም ምርጫኦም ገለጹሎም'ሞ መስ መስ ትብል ሽቶል ተዋሂቦም ዓጢቖማ ንዓዶም ተመልሱ ይብሃል።

❁

ኣብርሃ መድህን፡ ጭቃ መቓይሕ (ሽመጃና) ዝነበሩ ወዲ ሓትኖኦም ከንቲባ ሙሓሪ ጐደር ምስ ሞቱ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

### ከም ስሕለት

ወዲ ወልዱ ካብ ጽኑዕ መሰረት
ወዲ ዕቝባክርስቶስ ካብ ጽኑዕ መሰረት
ወዲ ከንቲባ ጐደር ካብ ጽኑዕ መሰረት
በሊሕ ሰብኣይ ኣኻኻቢ ዓሌት
ንቕድሚኹም ትኸዱ ከም ስሕለት
እንታይ'ሞ ኽብለኩም ዘይተባህለት።

❁

ግራዝማች ኣድሓኖም ብሩ ዝብሃሉ ካብ'ቶም ናይ ቀደም ሹመኛታት መስሓል (ወደክለ) ዝውለዱ ዓስከር ጣልያን፡ ኣብ ትሩቡሊ (ሊብያ) ሓያሎ ዓመታት ድሕሪ ምግልጋል ብ1935 ጣልያን ንኢትዮጵያ ክወርር ከሎ ሹምባሽ ኮይኖም ከቲቶም ኣብ ውግእ ተምቤን ምስ ሞቱ፡ ኣብ ዓዶም ካልኣይ ቀብሪ ክግበረሎም ከሎ፡ ነቶም ኣብ ዕስክርና ነዊሕ ብምግልጋል ኣብ ደረጃ ሹምባሽ በጺሖም ምስሌነታት ዝሸየሙ ዝነበሩ መዛኑኦም እናዘከሩ፡ ባሻይ ኣብርሃ መድህን፡ ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩሎም።

### በዓል ዕሻሽ[1] ግመ

ከመይ ኢልካ ውዒልካ ደግያት ኃይመ
ከም ማሕረሻ ጣልያን ዘይግመ
ብፈራህ መዓንጣ ዘይሕመ
ወዲ ስእሉ በዓል ዕሻሽ ግመ
ወዲ ገረእምላኽ በዓል ዕሻሽ ግመ
ወዲ ዓንጉል በዓል ዕሻሽ ግመ
ኣንታ ወዲ ሃይሉእ ዘይትብሎመ
ወዲ ወለኺዳንእ ዘይትብሎመ
ወዲ እምነቱእ ዘይትብሎመ
ሽመት ክይወስዱ ዘይደኸመ።

❁

ቀኛዝማች ተስፋጊዮርጊስ ወዲ ኽንቲባ ጊደ (ጨፋ) ብእርጋን ዓዲ ውዒሎም ከለዉ፣ ልጅ ለምለም ዝብሃሉ ወዶም ምስ ሓደ ተኪእ ዓቓ ዝብሃሉ በዓል መቓይሕ ብ1935 ዓስከር ጣልያን ኮይኖም ኣብ ውግእ ተምቤን ምስ ሞቱ ባሻይ ኣብርሃ መድህን ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱ።

### ህደሙ

ደሓን ኩኑ ክልተ ዓስከራይ
መኻይዲ ጌሩኩም ጐይታ ላዕላይ፡
ኣንታ ልጅ ለምለማይ ልጅ ለምለማይ
ወዲ ኽንቲባ ጊደ ዝደለ ገባራይ
ወዲ ኣይደብብ ዝደለ ገባራይ
ኣቱም ጐይታናየ ጐይታናየ
ንስኹም ከለኹም ኣረጊት ብዕራይ
ሽደንዶ ምሞተ ሓድሽ ጽራይ
ክሉ ግዳ ህደሙ ክይትደግሙ ዳሕራይ።

"ክሉ ግዳ ህደሙ ክይትደግሙ ዳሕራይ፡" ምስ በሉዎም፡ ቀኛዝማች ተስፋጊዮርጊስ ሞት ናይ'ቶም ዝተረፉ ደቆም ከይርእዩ ፈሪሐም፡ "ንለምለም ወደይ፣ እንተ ኾነ ኣብ ዓሱሩ ካብኡ ተረፈ ኸዓ ኣብ ኣርብዓኡ ይሰድካ ኢልኩም ለምኑለይ፡" ኢሎም በኸዮም ይብሃል።

❁ ❁ ❁

[1] ዕሻሽ = ባሩድ።

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay